Tigrinja / ትግርኛ

# ንምርጫ ናይ ዓመተ 2026 ዝምልከት ኩሉ ክትፈልጦ ዘለካ ነገራት

## እንታይ ዓይነት ምርጫ እዩ?

ሰንበት 13 መስከረም 2026፡ ንባይቶ፡ ባይቶ ምምሕዳር ዞባ ከምኡ ውን ባይቶ ምምሕዳር ከተማ ዝምልከት ምርጫ፡ ክካየድ እዩ። ኣብ ባይቶ፡ ባይቶ ምምሕዳር ዞባ ከምኡ ውን ባይቶ ምምሕዳር ከተማ ዘሎ ቦታታት፡ እቲ ንሰኻን ከማኻ ዝኣመሰሉ ሰባትን ዝህብዎ ድምጺ መሰረት ጌርካ`ዩ፡ ዝመቃራሕ።

- ባይቶ - ኣብ ሽወደን ዘገልግሉ ሕግታትን ካልእን ይውሰን።
- ባይቶ ምምሕዳር ዞባ - ንሕክምናዊ ኣገልግሎትን ኣገልግሎት መጓዓዝያን ዝምልከቱን ካልእን ጉዳያት ይውሰን
- ባይቶ ምምሕዳር ከተማ - ንኣብያተ-ትምህርታትን ክንክን ኣረጋውያንን ዝምልከቱን ካልኦት ጉዳያትን ይውሰን

## ኣበይን መዓስን ከድምጽ ይኽእል?

ካብ 26 ነሓሰ ክሰብ'ታ ምርጫ ዝካየደላ ዕለት፡ 13 መስከረም፡ ኣብ ዘሎ ግዜ ኣቐዲምካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መላእ ሃገር፡ ኣቐዲምካ ከተድምጸሉ ኣብ እትኽእል ቦታ ብምኻድ፡ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብታ ምርጫ ዝካየደላ ዕለት፡ 13 መስከረም፡ ኣብቲ ኣብ ወረቐት-ምርጻ ሰፊሩ ዝርከብ ቦታ ብምኻድ፡ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ምርጫ ዝካየደሎም ቦታታት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ val.se ኣቲኻ ክትረኽቦ፡ ትኽእል።

## ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይነ ከድምጽ ይኽእል'ዶ?

ኣብ ወጻኢ ሃገር ምስእትህሉ፡ ብመገዲ ቡስጣ ወይ ውን ናብ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ሽወደን ብምኻድ፡ ኣቐዲምካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ብቡስጣ ድምጽኻ ብምልኣኽ ከተድምጽ ምስእትደሊ፡ ሓደ ፍሉይ ዘድልየካ ነገር ወይ ማተርያል ኣሎ። ነዚ ነገር'ዚ ካብ በዓል-መዚ ምርጫታት፡ ምምሕዳር-ከተማ፡ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ክትእዝዞ ትኽእል።

እቲ ብቡስጣ ዝለኣኽ ድምጺ፡ ድሕሪ 30 ሓምለ ኣብ ዘሎ ግዜ ኢኻ፡ ክትልእኮ ዘለካ። ኣብ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ድሕሪ 20 ነሓሰ ኢኻ፡ ኣቐዲምካ ከተድምጽ እትኽእል።

ኣብ ደገ እትነብር ሽወደናዊ (ምዝጉብ ነባሪ ሽወደን ዘይኮንካ) ምስእትኾውን፡ በዓል-መዚ ቀረጽ ሽወደን ኣድራሻኻ ምስዝህልዋ፡ ብቡስጣ ንምድማጽ ዘድሊ ነገራትን ናይ ወጻኢ ወረቐት-ምርጻን፡ ብቡስጣ ይለኣኸልካ። ኣብ ሽወደን ዘገልግል ዲጂታላዊ ሳጹን-ቡስጣ ምስዝህልወካ፡ ናይ ወጻኢ ወረቐት-ምርጻ ብዲጂታላዊ መገዲ ከምኡ ውን ብወረቐት ይለኣኸልካ።

## ኣበየኖት ምርጫታት ከድምጽ ይኽእል?

እታ እትለኣኸልካ ወረቐት-ምርጻ፡ ኣበየኖት ምርጫታት ከተድምጽ ከምእትኽእል ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ዝሓዘት እያ። ወረቐት-ምርጻ ብዲጂታላዊ ሳጹን-ቦስጣ ከምኡ ውን ብወረቐት ብተራ ቡስጣ ይለኣኸልካ።

ኣብ ምርጫ ባይቶ ንምድማጽ፡ ነዚ ዝሰዕብ ከተማልእ ኣለካ፡-

- እንተደንጎኻ ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ
- ዜግነት ሽወደን ዘለካ ክትከውን ኣለካ። ከምኡ ውን
- ኣብ ሽወደን እትነብር ወይ ትነብር ዝነበርካ ክትከውን ኣለካ

ኣብ ሽወደን ከም ቀዋሚ ነባሪ ዘይተመዝገብካ ናብ ካልእ ሃገር ዝገዓዝካ ምስእትኸውን፡ ካብ በዓል-መዚ ምርጫታት ብቡስጣ ንምድማጽ ዘድሊ ነገራትን ናይ ወጻኢ ወረቐት-ምርጻን ክለኣኸልካ መታን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 ዓመት ኣብ መዝገብ-መረጻ ምዝገባኻ ንምሕዳስ  ከተመልክት ኣለካ።

ኣብ ባይቶ ዞባን ባይቶ ከተማን ንምድማጽ፡ ነዚ ዝሰዕብ ከተማልእ ኣለካ፡-

- እንተደንጎኻ ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ
- ዜግነት ሽወደን ዘለካ ከምኡ ውን ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካ

**ወይ ውን**

- ዜግነት ናይ ሓንቲ ኣባል ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ወይ ውን ዜግነት ኣይስላንድ ወይ ነርወይ ኴንካ ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካ

**ወይ ውን**

- ዜጋ ናይ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሳ ሃገራት ወጻኢ ወይ ከኣ ሃገር-ኣልቦ ኴንካ፡ ቅድሚ ዕለተ-ምርጫ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ሽወደን ክትነብር ዝጸናሕካ ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካ።

Valmyndigheten

## ክማልኦ ዝግበኣኒ ነገር ኣሎ'ዶ?
መንነት ወይ ታሴራ ሒዝካ ክትመጽእ ኣለካ። ታሴራ ምስዘይህልወካ ከምኡ ውን ተቐባሊ-ድምጺ ዘይፈልጠካ ምስእትኸውን፡ ካልእ ሰብ ክምስክረልካ፡ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ፡ እቲ ዝምስክረልካ ሰብ፡ ታሴራኡ ከርኢ ኣለዎ። ወረቐት-ምርጻ ከምኡ ውን መድመጺ ቡስጣ ኣብ ኩሉ መድመጺ ቦታታት ተቐሪቡ ይርከብ።

## ብኸመይ ኣገባብ'የ ዘድምጽ?
ኣብቲ ምርጻ ዝካየደሉ ቦታታት፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ምርጫታት ዝምልከት ወረቐት-ምርጻ ትመርጽ። ነነፍሲ-ወከፍ እተድምጸሉ ምርጫ ወረቐት-ምርጻ ተልዕል። እቶም ንባይቶ፡ ዞባን ከተማን ዝምልከቱ ወረቐት-ምርጻ፡ ሕብሮም ዝተፈላለየ እዩ።

ወረቐት-ምርጻ እዞም ዝሰዕቡ እዮም፡
- ብጫ፡ ንምርጫ ባይቶ
- ሰመያዊ፡ ንምርጫ ዞባ ከምኡ ውን
- ጻዕዳ፡ ንምርጫ ከተማ

ወረቐት-ምርጻ ኣብ ኩሉ መድመጺ ቦታታት ተቐሪቡ ይርከብ።

## ሰልፊ መሰረት ጌርካ ምድማጽ
ክትመርጽ እንከለኻ፡ ወትሩ፡ ድምጺኻ ንሰልፊ ኢኻ ትህብ። ሰም ሰልፊ ኣብቲ ወረቐት-ምርጻ ሰፊሩ ትረኽቦ። ነታ ከተድምጸላ ዝደለኻ ሰልፊ ዝምልከት ወረቐት-ምርጻ ምስዘይትረክብ፡ ኣብ ባዶ ወረቐት-ምርጻ ሰም ናይታ ሰልፊ ብምጽሓፍ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ባዶ ወረቐት-ምርጻ፡ ሰም ሰልፊ ዘይብሉ ወረቐት-ምርጻ፡ ማለት እዩ።

## ሕጹይ መሰረት ጌርካ ምድማጽ
ኣብ ሓደ ውሱን ኣባል ሰልፊ ከተድምጽ ምስእትደሊ፡ ኣብ ወረቐት-ምርጻ ኣብ ቅድሚ ሰም ናይቲ ሕጹይ ምልክት ጌርካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ሓደ ሕጹይ ጥራይ ኢኻ፡ ክትመርጽ እትኽእል። ባዶ ወረቐት-ምርጻ ተጠቒምካ ሰም ሰልፍን ሕጹይን ብምጽሓፍ ውን ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ወረቐት-ምርጻ ከተልዕል እንከለኻ ይኹን ምርጫኻ ሰርዓት ከተትሕዞ እንከለኻ፡ ብድሕሪ መጋረዲ ብሕት ወይ ግልል ክትብል ኣለካ። እንታይ ተድምጽ፡ ምስጢራዊ እዩ።

## ኣብ ምድማጽ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል'ዶ?
ብሰንኪ ኣካላዊ ጸገማት ወይ ውን ብኻልእ ምኽንያት፡ ሓገዝ ምስእትደሊ፡ ተቐበልቲ-ምርጻ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ተቐበልቲ-ምርጻ ናይ ስትረት ግዴታ ስለዘለዎም፡ እንታይ ከምዘድመጽካ ንኻልእ ሰብ፡ ኣይሕብሩን እዮም። ካልእ ሰብ ክሕግዘካ ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ተቐባሊ-ምርጻ ግን ምሳኹም ክህሉ ኣለዎ።

መርጫ ዝካየደሉ ቦታታት መዓስ-መዓስ ክፉት ምዃኑ ዝሕብር ሓበሬታ ኣብ val.se ኣቲኻ፡ ክትረኽቦ ትኽእል። ምርጫ ዝካየደሉ ቦታ ንኣካላዊ-ጸገማት ዘለዎም ሰባት ዝሕግዝ መሳለጥያታት ኣለዎን የብሉን ንምፍላጥ፡ ምምሕዳር ከተማ ክትውከሰ ትኽእል።

ምስ ብረይል (ፍዴላት ዓይነ-ስዉራን) ዝተተሓሓዘ መሳለጥያታት ምስዘድልየካ፡ ካብ በዓል-መዚ ምርጫታት ክትእዝዝ ትኽእል።

## ናብ መጽመጺ ክኸይድ ምስዘይክእል፡ ከድምጽ ይኽእል'ዶ?
ብሰንኪ ኣካላዊ-ጸገማት፡ ናብ መድመጺ ክትከይድ ምስዘይትኽእል፡ ድምጺኻ ብመልእኽተኛ ጌርካ ናብ ቦታ-ምርጫ ክትልእኮ ትኽእል። ከምዚ ክትገብር ምስእትደሊ፡ ካብ ምምሕዳር ከተማ ወይ በዓል-መዚ ምርጫታት ክትእዝዞ ዘለካ፡ ፍሉይ ነገር ወይ ማተርያል ኣሎ።

ብዜካ`ዚ፡ ድምጽኻ ዝቕበለካ ተቐባሊ-ምርጻ ውን ክለኣኸልካ፡ ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት፡ ተንቀሳቓሲ መቐበሊ-ምርጻ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ንምምሕዳር ከተማ፡ ክትውከሰ ትኽእል።


ብመገዲ መልእኽተኛ ወይ ተንቀሳቓሲ መቐበሊ-ምርጻ ኣቢልካ ንምድማጽ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ val.se ብምእታው ወይ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ክትረኽቦ ትኽእል።

## ንምርጫ ናይ ዓመተ 2026 ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?
ኩሉ'ቲ ምስ ናይ ዓመተ 2026 ምርጫ ዝተተሓሓዘ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ val.se ብምእታው፡ ክትረኽቦ ትኽእል። ኣብቲ መርበብ-ሓበሬታ ብቕልል ዝበለ ሽወደነኛ፡ ቋንቋ-ምልክት ከምኡ ውን ብኻልእ ቋንቋታት ዝተዳለወ ሓበሬታ፡ ኣለካ።


Valmyndigheten

# ሰትረት ኣብ እዋን ምድማጽ

ንመን ከተድምጽ ምዃንካ፡ ንሰብ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ። ንመን ከም እትመርጽ ውን ባዕልኻ ኢኻ እትውሰን።




## ወረቐት-ምርጻ ምስሓዝካ ንበይንኻ ብሕት ክትብል ኣለካ

ወረቐት-ምርጻ ብድሕሪ መጋረዲ ነገር ተቐሚጡ ትረኽቦ። **ወረቐት-መርጻ ከተልዕል እንከለኻ ንበይንኻ ግልል ክትብል ኣለካ።** እዚ ኸኣ፡ ሰብ ከይርእየካ ካብ ዝብል እዩ።

ብሰንኪ ኣካላዊ ጸገማት ወይ ውን ብኻልእ ምኽንያት፡ ሓገዝ ምስእትደሊ፡ ተቐበልቲ-ምርጻ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።


ካልእ ሰብ ክሕግዘካ ምስእትመርጽ ግን፡ ተቐባሊ-ምርጻ ግድን ምሳኹም ክህሉ ኣለዎ። ተቐባሊ-ምርጻ ናይ ሰትረት ግዴታ ኣለዎ።



## ንበይንኻ ድሕሪ መጋረዲ ምርጻ

ወረቐት-ምርጻ ምስ ኣልዓልካ፡ ንምርጫታትካ ሰርዓት ከተትሕዞ ኣለካ። **ድሕሪ መጋረዲ ምርጻ፡ በይንኻ ክትህሉ ኣለካ።** ሓገዝ ምስእትደሊ፡ ነቶም ተቐበልቲ-ምርጻ፡ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ።

ካልእ ሰብ ክሕግዘካ ምስእትመርጽ ግን፡ ተቐባሊ-ምርጻ ግድን ምሳኹም ክህሉ ኣለዎ።



## እንታይ ከምዝመረጽካ ክፈልጦ ዝኽእል ሰብ የለን

ምርጫታትካ ሰርዓት ምስኣትሓዝካዮ፡ ተቐባሊ-መረጻ ንድምጽኻ ተቐቢሉ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ድምጺ ይሕውሶ። እቲ ድምጺ ክቑጸር እንከሎ ኸኣ፡ ንመን ከምዝመረጽካ ክፈልጦ ዝኽእል ሰብ የለን።

**ሕቶታት ምስዝህልወካ?**

ተቐባሊ-ምርጻ፡ ተጸዋዒ ጉዳያት ምርጫ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ወይ ውን ኣብዚ ዝሰዕብ ገጽ ኣቲኻ ከተንብብ ትኽእል www.val.se

Val V0791a9

Valmyndigheten